# ኣገዳሲ ሓበሬታ ንህዝቢ ኤርትራ

ዕለት፡ 20-04-2007
ቦታ፡ ቶሮንቶ
ሃገር፡ ካናዳ

ኣነ መምህር ተስፋጋብር ኣስፍሃ ክፍለሚካኤል ምቅማጠይ ቶሮንቶ ኦንታርዮ ካናዳ ዝኾንኩ ኤርትራዊ ሎሚ ዕለት ሚያዝያ 20-2007 ዓ.ፈ. ሓዳሽ ሰልፊ ኤርትራ ከምዝመስረትኩን ስማ ድማ ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) ከምዝኾነን ንክቡር ህዝቢ ኤርትራ ብኽብሪ የፍልጥ ኣለኹ። ሰ-ሰ-ደ-ኤ ምስተን ኩለን ደሞክራስውያንን ዓልመናውያን (ሰኩላር) ናይ ለውጢ ሰልፈታትን ውድባትን ኤርትራ ተሓባቢረን ቅልጽማ ኣለፈናን ቃልሲ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ኤርትራ ብምቅልጣፍ ጨቛኒ ዲክታተር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ካብ ስልጣን ብምውጋድ ኣብ ቦቱኡ ደሞክራሲያዊ ብዝሒ ሰልፊ ዓልመናዊ (ሰኩላር) ምሕደራ (መንግስቲ) ኤርትራ ንምትካል ኣበርቲዓን ቆሪጻን ክትቃለስ እያ ተመስሪታ ዘላ።

ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ድ-ኤ) ክትምስረት እንከላ ተኻፈልቲ ንክኾኑ ብዝተገብረሎም ዕድመን መጸዋዕታን መሰረት ኣብቲ ታሪኻዊ ቦታን ጊዜን ዕለትን ብጣዕሚ ብዙሓት ኤርትራውያን ተሳቲፎም። ድሕሪ ሓፈሻዊ ናይ ሰ-ሰ-ደ-ኤ ፖለቲካዊ ማኒፈስቶ ምስማዕን ምርዳእን ብዙሓት ካብዞም ኣብ ኣኼባ ዝተሳተፉ ዕዱማት ኤርትራውያን ኣባልነቶም ኣብ ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) ኣመዝጊቦም። ኣባላት (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) ጌዜን ድኻምን ንምቁጣብ ብሙሉእ ድምጺ ብምስምማዕ ካብ ኣኼባ ከይወጹ ከለው ናይ መጀመርያ ናይ ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) ኮንግረስ ክግበር ተሰማምዑ። ብድሕሪዚ ኩሎም ኣባላት ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) ብምስምማዕ ንመምህር ተስፋጋብር ኣስፈሃ ክፍለሚካኤል መሰራቲ ናይ ሰ-ሰ-ደ-ኤ ከም ሕጹይ ኣቦ መንበር ናይ ሰ-ሰ-ደ-ኤ ኣቕረብዎም፤ ቀጺሎም ኣባላት ሰ-ሰ-ደ-ኤ ብሙሉእ ድምጺ ምርጫ መምህር ተስፋጋብር ኣስፈሃ ክፍለሚካኤል ናይ ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) ኣቦ መንበር (ቸየር ማን) ኰይኖም ንዝመጽእ 4 ዓመት (ኣርባዕተ ዓመት) ክመርሕዎ መሪጸሞም።
ንኣባላት ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ ኣቦ መንበር ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) መምህር ተስፋጋብር ኣስፈሃ ክፍለሚካኤል ዝርዝር ፖለቲካዊ ማኒፈስቶ ናይ ሰ-ሰ-ደ-ኤ ከምዚ ዝስዕብ ጌሮም ኣቕረቦም፤ ቅድሚታዊን ሓጺርን ፖለቲካዊ መደብ ዕዩ (ፕሮግራም) ሰ-ሰ-ደ-ኤ ጨቛኒ ዲክታተር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ካብ ስልጣን ምውጋድ (ምውራድ) እዩ።
ኣብዚ ግዜ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዲክታተር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ክንደይ ዝኣክል ተጨቍኑ ይሳቐ ከምዘሎ ንምግላጽ ብዙሕ ጊዜ ምጥፋእ ኣድላይነት የብሉን ምኽንያቱ ንዝኾነ ሓንጎለ ብትክክል ዝሰርሕ ኤርትራዊ ግልጽልን ብሩህን እዩ።
ሰ-ሰ-ደ-ኤ ዲክታተር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ካብ ስልጣን
ሀ. ብሰላም ከምዘይወርድ
ለ. ክጽገን ከምዘይኽልን ክጽገን ከምዘይብሉን እዩ ዝኣምን።
እምበኣርከስ ናይ ኩሎም ዝምልከቶም ሓይልታት ቀላጽም ኣላፊንካን ኣተሓባቢርካን ብሓይሊ ማለት ብጕንጺ ክውገድ፡እቲ እንኮ ኣማራጺ እዩ።
ምርዛምን ጸረ ሰላምን ፖሊሲ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንምሉእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ

ንኤርትራን ኢትዮጵያን ከአ ብፍላይ መሪዙዎ ከምዘሎ ዝፍለጥ'ዩ፡ ከምዚ ስለዝኾነ፡
ሀ. ሀዝቢ ኤርትራ
ለ. ሓይልታት ኤርትራ ንደሞክራስያዊ ለውጢ
ሐ. ሀዝቢ ኢትዮጵያ
መመንግስቲ ኢትዩጵያ ብሓባር ኰይኖም ነዚ መርዛም ብከላ (ፖሊሽን) ናይ ምጽራግ ፖለቲካዊን ሞራላዊን ሓላፍነትን ግቡእን አለዎም።
እዚ ግብራዊ ንምግባር ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) ምስ ኩሎም ዓልመናውያንን (ሰኩላር) ደሞክራሰያውያንን ተቃለስቲ ሓይልታት ኤርትራ ሓቢሩ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ስትራተጂክ ኣላያንስ ሓንጺጹ ቀጺሎም ሰለስቲኦም ኰይኖም ጐደና ጉዕዞ (ሮድ ማፕ) ሲኢሎም (ሓንጺጾም) ንዲክታተር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ካብ ሱሩ ምሕዮም ደርብዮም ኣብ ቦቱኡ ደሞክራስያዊ ብዝሔ ሰልፊ ዓልመናዊ (ሰኩላር) ዝኰነ ምሕደራ (መንግስቲ) ኤርትራ ብምትካእ ንህዝቢ ኤርትራን ንህዝቢ ኢትዮጵያን መገዲ ሰላምን ብልጽግናን ንሓዋሩ ክንከፍተሉ ኢና።
ንምንታይ እዩ ናይ ለውጢ ሓይልታት ኤርትራ ናይ ስትራተጂክ ኣላያንስ ስምምዕ ምግባር ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ጥራሕ እምበር ምስ ካልኦት ጐረቤት መንግስታት ወይ መንግስቲ ክግበር አድላይነት ግብራዊ ክኸውን ዘይክእልን ?
እስከ ናይ ተፈጥሮ ክውንነት (ነቸራል ፋክትስ) ተሞርኪስና ነዚ ሕቶ'ዚ ክንምልስ ንፈትን።
ሀ. ጆግራፊካዊ አቀማምጣ
ለ. ኢኮኖሚካዊ (ቁጠባዊ) ሙርከሳ
ሐ. ተፈጥሮአዊ ክውንነት (ነቹራል ፋክትስ) ዘኸተልዎ ፖለቲካዊ ኩነታት (ዳይናሚክስ)።
ናይ ተፈጥሮ ማለት ናይ ጆግራፊካዊ አቀማምጣ ምኽንያት ኰይኑ ናይ ኤርትራ ናይ ኢኮኖሚ (ቁጠባ) ምንጪ (አታዊ ምንጪ)
ሀ. ጨው
ለ. ናይ ባሕሪ ወደብ (ሲ-ፖርት) አገልግሎት
(ኢምፖርት ኤክስፖርት) አገልግሎት ማለት ናይ ባሕሪ ወደባት ናይ አቑሑትን ሰባትን ምእታውን ምውጻእን አገልግሎት ኢዩም፡ ክልቲኦም ከአ ናይ ተፈጥሮ ሂያብ ኢዮም።
ኤርትራ ነዞም ክልተ ናይ ኢኮኖሚ ሚንጪ ክንጥቀመሎም ማለት አብ ገንዘብ (ኡቲላይዝ) ክትቅይሮም እንተደአ ኰይና ጨው ዝገዝአ ናይ ባሕሪ ወደባት አገልግሎት ከአ ዝጥቀማሉ የድልያ ማለት'ዩ"" እቲ እንኮ ሃገር ብወደባት ኤርትራ ትጥቀምን ጨው ናይ ኤርትራ ክትገዝእ ትክእል ሃገር ኢትዮጵያ ጥራሕ ኢያ።
ሱዳን ናይ ገዛእርእሳ ጨውን ወደብን ባሕርን አለዋ።
ጅቡቲ ናይ ገዛእርእሳ ጨውን ወደብ ባሕርን አለዋ።
የመን ናይ ገዛእርእሳ ጨውን ወደብ ባሕርን አለዋ።
ሓደ እንኮ ዓሚል (ካስተመር) ዘለዎ በዓል ድኳን (ሪተይለር) ምስ እዚ እንኮ ዓሚሉ (ዘ-ኦንለይ ካስተመር) እንተ ተባኢሱ እታ ድኳኑ ከምትዕጾ ንሱከአ ጾሙ ከምዝሓድር ንኩሉ ሰብ ብሩህ እዩ።
እምበአርከስ ኢትዮጵያ ናይ ኤርትራ ጨው ትገዝእን ናይ ኤርትራ ናይ ባሕሪ ወደባት ተጠቒማ አታዊ ገንዘብ ተቕርብን እንኮ ዓሚል (ዘ-ኦንልይ ካስተመር)

ስለዝኾነት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ምበአስ ማለት ከምቲ በዓል ድኳን ዝበልናዮ ኤርትራ ጾማ ምሕዳር ማለት'ዩ።

በዚ ምኽንያት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክትበአስ የብላን ምኽንያቱ አየዋጽአን እዩ።

በቲ ሓደ ገጽ ናይቲ "ሕርካም" (ኮይን) ከአ እስከ ንርኤ፤

ጨው ኤርትራን ወደባት ኤርትራን እቶም ናብ ኢትዮጵያ ዝቐርቡ ስለዝኾኑ ኢትዮጵያ ንክትረኽቦም ምቹአትን ብዋግኦም ድማ ዝሕሰሩ ክኾኑ ናይ ግድን እዩ።

ስለዚ ኢትዮጵያ አብዚ ብዙሕ ናይ ኢኮኖሚ (አታዊ) ረብሓ አለዎ ማለት እዩ።

እዚ ጥራሕ መአስ ኾይኑ፤ ናይ ኢትዮጵያ ኢኮኖሚ አታዊ ምንጪ፤

ሀ. ናይ እንስሳ ፍርያት

ለ. ናይ ሕርሻ ፍርያት ከም እኽሊ ቡንን ሽኮርን

ሐ. አዕጻው ፍርያት (ቲምበር) ዘአመሰሉ ኢዮም።

ኤርትራ ከአ እዞም ፍርያት እዚአቶም ገሊኦም ብሙሉእ ገሊኦም ከአ ብክፈል ካብ ወጻኢ ሃገራት ስለትገዝኦም ብሙሉኦም ካብ ኢትዮጵያ ክትገዝኦም እንከላ ኢትዮጵያ ብዙሕ ናይ ኢኮኖሚ (አታዊ) ረብሓ አለዋ ማለት'ዩ።

ኢትዮጵያ ንኤርትራ ጐረበት ሃገር ጥራሕ ዘይኰነስ ከምዚ ናይ ሓባር ማለት ነጸላ መንደቕ ዘለዎም ክልተ ጐረቤት ሰብ ገዛ መዓልታዊ ክውግድዎ ዝይክእሉ ግን ብጥንቃቐ ብቐጻልነት ክሕልዎን ክአልዩዎን ዘለዎም ናይ ጉርብትና ኩንታት ማለት'ዩ ። እዚ'ውን ናይ ተፈጥሮ ሓቂ ጆኦግራፊክ (ነቹራል-ፋክት) ስለዝኾነ ክትማሳቶ አይክአልን።

አብ ላዕሊ ከምዝገለጽናዮ ናይ ተፈጥሮ ሓቂ (ጆኦግራፊክ-ፋክት) ንኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ኢኮኖሚ (ኢኮኖሚክ ኢንተር-ዲፐንደንስ) ሕድ ሕድ ምጥቅቃም አስዒቡ ብኡኡ መጠን'ከአ ናይ ገዛእርእሱ ናይ ፖለቲካ ዳይናሚክስ ፈጢሩ ማለት እዩ።

እምበአርከስ እዚ ኩሉ ናይ ተፈጥሮ ውስስባት (ዳይናሚክስ) ክትቅይሮ ወይከአ ክትማኀቶ ስለዘይትክእል ኩሉ ጊዜ ብአፍልጦ ብሰላም ብሕውነት ብስምምዕ ብውዑል ብሕግን ብጹሑፍን ካብ ደቒቕ ናብ ስዓት ናብ መዓልቲ እንዳሓለካን እንዳአለኻን ብቀጻልነት ክኳዓዝ ዘለዎ ጉዳይ እዩ።

ኢኮኖሚ ክህሉ ክምዕብልን ክቅጽልን እንተደአ ኰይኑ እንታይ የድልዩ ? ብዙሓት ነገራት ዘድልዮ'ኻ እንተኾነ እቶም ቅንዲ ዘድልዩ ጸጥታን ሰላምን ቅሳነትን እዮም።

ናይ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኢኮኖሚ አብ ሕድ ሕድ ዝተመርኰሰ ካብ ኰነ አብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ሰላምን ቅሳነትን ንክህሉ ናይ ምግባር ሕላፍነት ንክሊቲኤን ሃገራት ብማዕረ ዝምልከተን ጉዳይ ኢዩ።

አብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን አብዚ ግዜ'ዚ ዘሎ ጸጥታን ሰላምን ከመይ ይመስል? ጨሪሱ ሰላም ዝበሃል የለን ዶብን ካብ ዝዕጸ ማንም ሰብ ካብዘይሓልፎ እነሆ 10 ዓመት (ዓሰርተ ዓመት ኰይኑ አሎ)።

እሞ አብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሰላም ንክመጽእ ካብዚ ህልው ኩነታት እንታይ ክቅየር አለዎ?

ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) ዝአምን ጨቛኒ ዲክታተር ኢሳያስ አፈወርቂ ካብ ስልጣን ጉሒፍካ ብዝሒ ሰልፊ ደሞክራሲ ዓልመናዊ (ሰኩላር) ቅዋማዊ ሰላምን ሕውነትን ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ እቲ እንኮ አማራጺ ናይ ኤርትራ ምዃኑ ዝአምን መንግስቲ ኤርትራ አብ ቦቱኡ ምትካእ እዩ።

ጨቛኒ ዲክታተር ኢሳያስ አፈወርቂ ካብ ስልጣን ከመይ ጌርካ ተውርዶ?

ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) ከምዚ ዝስዕብ ጌርካ ጥራሕ'ዩ እቲ እንኮ መገዲ ይብል (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) ምስ ኩሎም ደሞክራስያውያንን ዓልመናውያንን (ሰኩላር) ሓይልታት ለውጢ ኤርትራ ተሓባቢሩ ካብ ኩሎም ዝተዋጽኤ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሰደት (ወጻኢ) ከቅውም እዩ።
እዚ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ስትራተጅክ ኣለያንስ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣርቂቁ ናይ ስምምዕ ነጥብታት ብጽፈት ምዝጊቡ ዓላምኡ ኣብሪሁ ኣብ ግብሪ ዝትርጎመሉ ኣገባብ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኲይኑ ኣጽኒዑ ከጽድቅ እዩ።

ብድሕሪ'ዚ ንጨቋኒ ዲክታተር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ናይ መውዳእታን ንሕዋሩን ካብ ስልጣን ዝኈሓፈሉ ሮድ ማፕ (ስእሊ ጎደና) ምስ መንግስቲ ኢትዩጵያ ኮይኑ ክስእል እዩ።
ሮድ ማፕ ምስ ስኣልና ሓንቲ ናይ ፕለቲካ ዕንቅፋት ኣለና ግድን ክንዛረበላ ዘለና ንሳ'ሽኣ ጉዳይ ናይቲ ካብ 1998 ክሳብ 2000 ዓ.ፈ ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝተገብረ ውግእ ዝጠፍኣ ሲቪላዊ ንብረት ከምኡውን ንኢትዩጵያ ዝተስጉን ንኤርትራ ዝተስጉን ሲቪላውያን ሰባት ብድሕርኡም ዝገደፍዎ ንብረት እዩ።
ምኽንያቱ እዚ ጉዳይ እዚ ንዲክታተር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣውሪድካ ቅዋማዊ ሰኩላር ደሞክራስያዊ መንግስቲ ኤርትራ ንምትካል ዝግበር ዘሎ ቃልሲ ብዙሕ ዕንቅፋት ፈጢሩ ኣሎ።
ብዙሓት ኤርትራውያን ናይ'ዚ ጉዳይ'ዚ ናይ መጻኢ መፍትሒኡ ከይተዘርበሉ ነዚ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ኤርትራ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ስትራተጂክ ኣለያንስ ጌሩ ንዲክታተር ኢሳያስ ኣፈውርቂ ካብ ስልጣን ምውጋድ ዝብል ሓሳብ (ሰናርዩ) ንምድጋፍ ነብስና ምግባር ኣብዩና ዝብሉ ብብዝሒ ሰለዘለው።
እዚ ዕንውት'ዚ ብዲክታተር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝጀመሮ ውግእ ምኽንያት ዝሰዓበ እዩ። ማለት እቲ ውግእ ዲክታተር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ከምዝጀመሮ ብቤት ፍርዲ ኢ-ኢ-ቢ-ሲ (EEBC) ናይ ኤርትራ ኢትዮጵያ ናይ ዶብ ኮምሽን ቤት ፍርዲ ከምዝወሰነ (ከምዝፈረደ) ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ ኢዩ። ሰለዚ እቲ ናይ ወንጀል (ክራይም) ሽነኻቱ ንዲክታተር ኢሳይስ ኣፈወርቂ ዝምልከት ኢዩ።

እምበኣርከስ ነዞም ሲቪላውያን ሰባት ሂወቶም ይኹን ንብረቶም ብሙሉኡ ድሕሪ ዲክታተር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ምልጋሱ ሃገረ ኤርትራን ሃገር ኢትዮጵያን ተሰማሚዔን ገነዘቦም ብሙሉኡ ከሕውየኦም ይግባእ ዝብል ድልየትን እምነትን ናይ ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) እዩ። ኣብ ምዝዛም ናይዚ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ይቅረ ይፍታሕ ክበሃሃል ስለዝኾነ እሞ እዚ ጉዳይ ከይፈታሕካ ይቅረ ይፍታሕ ክኸውን ስለዘይክእል ሃገር ኤርትራን ሃገር ኢትዮጵያን ተጸባጺበን ዘዝግበኤን ምስ ከፈላ እዚ ጉዳይ ዝምልከቶም ኤርትራውያን ገንዘቦም ብሙሉኡ ካብ ኢድ ሃገር ኤርትራ ክቕበልዎ እዮም (ክወሃቦም እዩ)።
ብሂወቱ ዘሎ ባዕሉ ዝሞተ ኸኣ ሕጋዊ ወራሲኡ ክቕበሎ እዩ።
ስትራተጂክ ኣለያንስ ምስ መንግስቲ ኢትዩጵያ ጸዲቑ ሮድ ማፕ (ስእሊ ጐዳና) ተሳኢሉ ሕጂ ከመይ ጌርና በዚ ጐደና ተጓዒዝና ንዲክታተር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንጉሕፎ ?
ኣብዚ ግዜ'ዚ ደሞክራስያዊ ሓይልታት ኤርትራ ወታሃደራዊ ክንፊ የብሉን ምንምኳ መንግስቲ ኢትዮጵያ ስጋብ ሕጂ ኣዕጢቑዎም ክነብር ናይ ፖለቲካ ሓቂ እንተኾነ

እቲ ክውንነት ግን እየዕጥቆምን ሰለዚ አብዚ ግዜ'ዚ ወታሃደራዊ ሓይሊ ዘለዎ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኢዩ።

እዚ ስለዝኾነ እቲ ሓቂ ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) እዚ ህልው ኩነታት አብ ግምት ብምእታው ንስትራተጂክ አለያንስ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብከምዚ ዝስዕብ ይትርጉም።

መንግስቲ ኢትዮጵያ ውተሃደራዊ ሓይሊ ተጠቂሙ ንዲክታተር ኢሳያስ አፈወርቂ አወሪዱ (ረጂም-ቸንጂ) አብ ቦቱኡ መንግስቲ ኤርትራ አብ ወጻኢ (ኤግዛይል) ዝነበረ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ኮይኑ አብ ኤርትራ ምምሕዳር ከምዝጅምር ይገብር።

እዚ'ከአ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሰላምን ቅሳነትን ጸጥታ አብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ንክህሉ ናይ ምርግጋጽ ሞራላዊን ፖለቲካውን ግቡእን ሓላፍነትን ስለዘለዎ እዩ።

ከምኡውን መንእሰያት ወተሃደራት ኤርትራ እቲ ጭቆናን ስቓይን ልዕሊ ኩሉ ሰብ አብ ርእሶም ከምዝብርትዕ ብምፍላጥ እዚ ቃልሲውን ብዝያዳ ንኣታቶም ፍትሕን ነጻነትን ንምምጻእ ምኳኑ ብምርዳእ አብ ምውዳቕ ዲክታተር ኢሳያስ አፈወርቂ ዝግበር ዘሎ ቃልሲ እጃሞም ከበርክቱ ጻዋዒትና ነቕርበሎም።

ናይ ጆኦግራፊ አቀማምጣ ዝወሰኖ ሓቂ ኰይኑ መንግስቲ ኢትዮጵያን መንግስቲ ኤርትራን ኩሉጊዜ ፍቕርን ሕውነትን ስኒትን ስምምዕን ዘለዎምን ከም ኢድን ጓንቲን ብሓንሳብ ክሰርሑ ዝኽእሉ ክኾኑ ናይ ግድን'ዩ ።

ብዛዕባ ናይ ተፈጥሮ አቀማምጣ (ጆኦግራፊክ ፋክት) ሓቂ ክንማሳት ጊዜና ምጥፋእ አየድልን ምኽንያቱ ክንልውጦም ሰለዘይንኽእል።

እምበአርከስ ኩላትና ኤርትራውያን አጸቢቕና ክንፈልጦን ክንርድኦ ዘለና ሓቂ አሎ። ንሱከአ ንሕና ኤርትራዊያን ንዲክታተር ኢሳያስ አፈወርቂ ብሓገዝ ወይ ብዘይሓገዝ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንቀይሮ እታ እንኮ ቅንዕቲ ውጽኢት እቲ ሓዲሽ መንግስቲ ኤርትራ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብሕውነትን ብሰላምን ብፍቕርን ዝነብር ከም ኢድን ጓንቲን ኰይና ዝሰርሕ ክኸውን አለዎ መታን ናይ ኤርትራ ሰላምን ብልጽግናን ቅሳነትን ንሓዋሩ ክረጋገጽ እንተዘይኰነ ድሕሪ ኢሳያስ ምኻዱውን ኤርትራ እንደገና ውግእ ምስ ኢትዩጵያ ክኸውን ማለት'ዩ።

ዝኾነ ኤርትራዊ ሲቪል ወይ ፖለቲሻን (ፖለቲካዊ) ነዚ ሓቂ ዘይቅበል አታሓሳስብኡ ምስና ተፈጥሮ ሐቂን ክውነንትን ከሰርየ ክግደድ እዩ።

ስለዚ ስትራተጂክ አለያንስ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተጠቒምካ ንዲክታተር ኢሳያስ አፈወርቂ ምውዳቅ ብዓይኒ ፖለቲካ ቅኑዕን እቲ ዘለና እንኮ አማራጺን ምኳኑ ፈሊጥና ነዚ ዝካየድ ዘሎ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ኤርትራ ኩላትና ኤርትራዊያን ክንሳተፎን ከነቃላጥፎን ይግበኣና።

ኢኮኖሚ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብናይ ተፈጥሮ (ጆኦግራፊ) አቀማምጣ ምኽንያት አብ ሕድ ሕድ ዚተሞርከስ ምኳኑ ፈሊጥና ኢኮኖሚ ክህሉን ክምዕብልን ክቅጽልን ከአ ጸጥታን ቅሳነትን ከምዘድልዩ ብሩህ እዩ።

አብዚ ግዜ'ዚ አብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘሎ ጸጥታን ሰላምን ከመይ ይመስል? ፈጺሙ ጸጥታን ሰላምን ይለን አብዚ ግዜ'ዚ ። ዶባተን ተዓጽዩ ማንም ሰብ ዘይሰግሮ ካብ ዝኸውን እነሆ ዓሰርተ ዓመት (10 ዓመት) ኰይኑ አሎ።

ምስኡ ከአ አዳምን ሄዋንን አብ ዓለም ካብ ዝፍጠሩ ተዓጽዩን ንተቀምቱ አህዛብ ኤርትራን ኢትዮጵያን አገልግሎቱ ጠጠው አቢሉ ዘይፍለጥ ናይ ዓለም አፍደገ ዝኾነ ቀይሕ ባሕሪ ተዓጽዩ ምስኡ ውደባት ኤርትራ ካብ ስራሕ ጠጠው አለን

ህዝቢ ኤርትራ አታዊ ክጕድሎ እንክሎ ህዝቢ ኢትዮጵያውን ብዝቐረቡ ናይ ኤርትራ ወደባት አብ ክንዲ ዝጥቀም በቶም ብጣዕሚ አብ ርሕቑን ዘይምችኡን ዝርከቡ ናይ ካልኦት ጐረባብቲ ሃገራት ወደባት ንክጥቀም ተገዲዱ ብኡመጠን ናይ ኢኮኖሚ ጉድአትን ናይ ዘምቑጵ ኩነታት ግዳይን ኰይኑ አሎ።
እወ ልክዕዩ ናይዚ ምዕጻው ዶባት ምኽንያት ዲክታተር ኢሳያስ አፍወርቂ ዝወለዶ ውግእ እዩ።
ህዝቢ ኢትዮጵያን ህዝቢ ኤርትራን ብሓፈሻ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ከአ ብፍላይ ናይ ብዙሕ ዓመታት መሪር ቃልሲ አካይዶም ብጣዕሚ ብዙሕ ደም ከፊሎም ናይ ብዙሓት መንእሰያት ሂወት ዝኸፈሉ እምበአርከስ ብሰላምን ብቅሳነትን ክነብሩ ደአምበር ዶቦም ምስኡከአ ናይ ተፈጥሮ ሂያብ መንበሪኦም ዝኾነ ቀይሕ ባሕሪ ተዓጽዮዎም ሰላምን ቅሳነትን ስኢኖም ብሽግርን ጸገምን ክነብሩ ኢሎም አይኮነን።
እዚ አብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘሎ ህልውኩነታት (ስታታስኮ) ብዝኾነ ይኹን መዓቀኒ ተዓቂኑ ንክሊቲኤን ሃገራት ዝጐድእ ደአምበር ንሓዲኤን ዝጠቅም ንሓዲኤን ዝጐድእ እዩ ክበሃል አይከአልን እዩ።
እዚ ስለዝኰነ እቲ ሓቂ አብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ህልውኩነታት (ስታታስኮ) ክቕየር ከምዘለዎ ኩሉ ሰብ እንተላይ ዲክታተር ኢሳያስ አፈወርቂ ዝአመስሉ እዩ።
በዚ ምኽንያት ከአ ዝምልከቶም ሓይልታት አብ ክልተ ተኸፊሎም ማለት (ክልተሰናርዮ) ሓንጺጾም ይቃለሱ አለው።
ሀ. ኢሳይስ አፈወርቂ ምስቶም ካልኦት አንጻር መንግስቲ ኢትዮጵያ ኰይኑ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ አውዲቑ አብ ኢትዮጵያ ንዲክታተር ኢሳያስ አፈወርቂ ዝስማማዕ መንግስቲ ንምትካል።
ለ. መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ደሞክራስያውያን ተቓለስቲ ኤርትራ ተሓጋጊዙ ንዲክታተር ኢሳያስ አፈወርቂ አውሪዱ አብ ቦቱኡ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝሰማማዕ ደሞክራስያዊ ዓልመናዊ ( ሰኩላር) መንግስቲ ኤርትራ ምቛም እዮም።
ሰ-ሰ-ደ-ኤ (ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ) ከምኡውን ኩሎም ካልኦት ናይ ለውጢ ሓይልታት ኤርትራ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተሓጋጊዝና ንኢሳያስ አፈወርቂ ከነልግሶ በርቲዕና ክንቃለስ ኢና ናይ ግድን ከአ ክንዕወት ኢና።
ምንምኳ ዲክታተር ኢሳይስ አፈወርቂ ካብ ስልጣን ምውራድ ብፍላይ ናይ መንግስቲ ኢትዮጵያን ተቓለስቲ ሓይልታት ኤርትራ ግቡኡን ሓላፍነትን እንተኾነ ካብ ደሞክራሲያውያን ሃገራት ዝወሃበና ሓገዝ ብጣዕሚ ከነመስግን ኢና።
መንግስቲ ኤርትራ አብ ስደት (ጋቨርመንትኦፍ ኤርትራ ኢን ኤግዛይል) ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ስትራተጂክ አለያንስ ተጠቂሞም ንዲክታተር ኢሳያስ አፈወርቂ ካብ ስልጣኑ አወሪዶም ግዝያዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ኤርትራ ተባሂሉ ንኤርትራ ከማሓድር ይጅምር።
አብ ኤርትራ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሕውነትን ጽቡቕ ዝምድናን ዘለዎ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኢድን ጓንቲን ኮይኑ ዝሰርሕ መንግስቲ ኤርትራ ተመስሪቱ ማለት'ዩ።
እምበአርከስ እዞም ክልተ ብሕውነትን ሰላምን ምክብባርን ዝአምኑ መንግስቲ ኤርትራን መንግስቲ ኢትዮጵያን ሕጂ ዘሎ ይኹን ብሕጂ ዝመጽእ ዝኾነ ይኹን ዘይምርድዳእን ጸገምን እንተላይ ናይ ዶብ ጸገማት ብሰላምን ምምይያጥን ክፈትሕዎ ኢዮም።

ከምቲ ኣቦታት ዝምስልዎ “ ኣደን ጓልን'ዶ ዕንቁ ይሰርቓ ዝኹነ ኩነታት ተፈጢሩ ማለት'ዩ ።
ናይ ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) ናይ ነዊሕ ፖለቲካዊ ፕሮግራም (መደብ ዕዩ) ግዚያዊ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ንህዝቢ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ምርጫ የዳልወሉ ። መርገጽ ናይ ሰ-ሰ-ደ-ኤ ህዝቢ ኤርትራ ቀጥታዊ ደሞክራስያዊ ምርጫ ማለት ወከልቱ ባዕሉ መሪጹ ናይ ፓርላማ ይሰድድ ማለት'ዩ።
ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) ኤርትራ 150 ናይ መርጫ ጨናፍር ክህልዋ ሓደ ጨንፈር ምርጫ ከአ 20.000 ሰባት ክህልዎ ከምሓሳብ የቕርብ።
እዚ ግን ምስካልኦት ሰልፍታት ተረዳዲእካ ዝውሰን'ዩ። ብዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ 150 ዝውክሉዎ መሪጹ ናብ ፓርላማ ኤርትራ ይሰድድ ካብዞም 150 ህዝቢ ዝመረጾም ኣባላት ፓርላማ ቁጽሮም ብስምምዕ ዝውሰን ኰይኑ ቁዋም ዘርቅቅ ኮሚቴ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት፥
ሀ) ብዝሐ ሰልፋዊ ደሞክራሲ
ለ) ዓልመናዊ (ሰኩላር) ዝኰነ ቅዋም ኣርቂቆም ናይ ፓርላማ የቅርብዎ፡ ፓርላማ ከአ ኣጽኒዑ የጽድቖ።
እዚ ናይ መጀመርያ ደሞክራሲያዊ ቅዋም ኤርትራ ሕጋውነትን ስልጣንን ዝለበሰ ቅዋም ኤርትራ ይኸውን ምኽንያቱ እዚ ዘርቀቆ ኮሚቴ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ብህዝቢ ኤርትራ ዝተመርጸ ኰይኑ ኣባላት ፓርላማ ብሙሉኦም ዝጽደቑዎ ሰለዝኾነ።
ኣብዚ እምበኣርክስ እቲ ዲክታተር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብሓይሊ ወሲዱ ገቢቱ ሒዝዎ ዝነበረ ንብረት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ስልጣን ናብ ዋናኡ ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ተዋሂቡ (ተመሊሱ) ማለት'ዩ።
እዚ ሕጋዊ ስልጣን ዝለበሰ ደሞክራስያዊ ቅዋም መሰረት ብምግባር (ብምጥቃም) ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ደሞክራስያዊ ምርጫ የካይድ ካብተን ዝተዋዳደራ ደሞክራስውያን ዓለመናውያን (ሰኩላር) ሰልፍታት 50% + 1 (ሲምፐል ማጆሪቲ) ዘምጸኤት ሰልፊ ንዝመጽእ 4 ዓመታት ንከተማሓድሮ (ክትመርሖ) ሕጋዊ ስልታን ይህብ ማለት'ዩ።
ካብኡ ንደሓር ኣብ ኤርትራ ስልጣን ናብ ዝተዓወተ ሰልፊ ብሰላም ከመሓላለፍ ይነብር ማለትዩ።
ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) መርገጹን ምርጭኡ ቀጥታዊ ደሞክራስያዊ ምርጫ (ምሕደራ) ወይ ቅዋም (ዳይረኽት ሪፐረዘንታቲቭ) ደሞክራሲ እዩ። ምክንያቱ ኩሉ ኤርትራዊ ባዕሉ ብዝመርጾ ኣብ መንግስቲ ኤርትራ (ፓርላማ) ኤርትራ ስለዝውክል ማለት'ዩ።
ብኸምዚ ዝቖውም መንግስቲ ኤርትራ ካብ ታሕቲ (ካብ ህዝቢ) ንላዕሊ ዝቆመ ክኸውን ከሎ መንግስቲ ዲክታተር ኢሳይስ ኣፍወርቂ ግን ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ዝቖመ እዩ።
ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) መንግስቲ ኤርትራ ዓልመናዊ (ሰኩላር) መንግስቲ እዩ።
እዚ ማለት ሃገረ ኤርትራን (መንግስቲ ኤርትራን) ሃይማኖትን ዝተፈላለዩ እዮም ማለት እዩ። ኤርትራዊ መንነት ዝኾነ ኣብ ኤርትራ ዝተወልደ ሰብ ኤርትራዊ እዩ።

ዲያስፖራ ኤርትራዊ (ኣብ ሰደት ዝነብር ኤርትራዊ ካብ ሓደ ወይ ካብ ክልተ ኣብ ስደት ዝቕመጡ ኤርትራውያን ዝተወልደ ሰብ ኤርትራዊ እዩ፡ ምርጭኡ እንተደኣ ኰይኑ።
ኢሚግረሽን ኤርትራ ሰላማዊ ዝኾነ ዘይኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ብሰላምን ብቐጻልነትን ኤርትራዊ ዜጋ ንክኸውን ብምሕላንን ንሓሙሽተ ዓመት (5 ዓመት) ዝተቐመጠ ሰብ ኤርትራዊ ዜጋ ንክኸውን ብቑዕ እዩ።
መበቆል ሕጊ ናይ ኤርትራ (ሶርስ ኦፍሎው ኦፍ ኤርትራ) ኣብ ፓርላማ ኤርትራ ሓጋግን ፈጻሚን ኣካላት ክህልው እዮም።
እምበኣርከስ መበቆል ሕጊ ኤርትራ እዞም ዝስዕቡ ጥራሕ እዮም ክኾኑ፥
ሀ. ሓጋጊ ኣካል ናይ ፓርላማ ኤርትራ (ለጂስለሽን)
ለ. ቤት ፍርድታት ኤርትራ (ኮሞን-ሎው) እዮም።
    ብዘይካ እዞም ክልተ ካልእ መቦቆል ሕጊ ኤርትራ ኣይክህሉን እዩ።

**ባህላውን ልምዳውን ጉዳያት ቅቡላት ዝኾኑ፥**
ሀ. ዘይጓድኡ እንተኾይኖም
ለ. ብሰላም እንተደኣ ዝሰርሑ ኾይኖም ጥራሕ እዩ።
ዝኾነ ናይ ስምምዕ ውዑል እንተደኣ ፈሪሱ እሞ ብሕጊ (ቤት ፍርዲ) ክፍታሕ እንተደኣ ኰይኑ ብናይ ሃገረ ኤርትራ ሕግታት ጥራሕ እዩ ዝውሰን። ኣብ ምምሕዳር ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) ኤርትራ እዞም ዝስዕቡ ቤት ፍርድታት ክህልውዋ እዮም፥
ሀ. በርጌሳዊ ሕጊ በርጌሳዊ ቤት ፍርዲ
ለ. ወንጀላዊ (ክሪሚናል) ሕጊ ወንጀልዊ (ክሪሚናል) ቤት ፍርዲ
ሐ. ናይ ስድራ ቤት (ፋሚሊ) ሕጊ ናይ ስድራ ቤት ቤት ፍርዲ (ፋሚሊ ኮርት)
መ. ቅዋማዊ ሕጊ (ኮንስቲቱሾናል ሎው) ቅዋማዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ሰልፊ ሰላምን ድሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ)
ሀ. ሃይማኖት ንውልቀ ሰብ ዝምልከት ጉዳይ ጥራሕ እዩ። ዝኾነ ሰብ ዝድልዩ ሰላማዊ ዝኾነ ሃይማኖት ክኽተል መሰሉ እዩ። ከምኡውን ኩሎም ሰላማውያን ሃይማኖታት ማዕረ እዮም ብማዕርነት ከኣ ይህለውን ንክምዕብሉን ክዕቀቡን ይግበር።
ለ. ብሔር ኩሎም ብሔራት ኤርትራ ማዕረ እዮም፣ ብማዕርነት ከኣ ይሕለውን ክም ዕብሉ ይግበርን።
ሐ. ቛንቛ ኩሎም ቛንቛታት ኤርትራ ማዕረ እዮም ብማዕርነት ንክዕቆቡሉን ከኣ ይግበር ኣብ ትሕቲ ቅዋም ኤርትራ።
መ. ናይ ኢኮኖሚ ፖሊሲ ኣብ ምምሕዳር ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) ኤርትራ ናይ ነጻ ዕዳጋ ኢኮኖሚ (ፍሪ ማርኬት) ክህልዋ እዩ። ብዓለም ለኻዊ ሕጊ ዝመሐደር ዕዳጋ ክኸውን እዩ።
ሰ. ፍሪ-ፓርት(ካብ ቀረጽ ነጻ ዝኾነ ናይ ባሕሪ ወደባት) ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ሰ-ሰ-ድ-ኤ ፍሪ ፖርት (ካብ ቀረጽ ነጻ) ዝኾነ ወደባት ባሕሪ ክህውዋ እዮም። እዚ ማለት ብናይ ኤርትራ ወደባት ባሕሪ ዝመሓላለፋ ኣቑሑት ይኹኑ ሰባት ቀረጽ ኣይከፍሉን እዮም። ብናይ ዓለምለኸ ሕጊ ነጻ ታክስ ወደባት ዝግዛእ (ዝመሓደር) ክኸውን ከኣ እዩ።

**ለበዋ**

ሀ. ኩሉ ብደሞክራሲን ሰላምን ዝአምን ኤርትራዊ ነዚ ዝካየድ ዘሎ ደሞክራሰያዊ ቃልሲ ንክካፈሎ ብኽብሪ ነታሓሳስብ።

ለ. እዚ ግብራዊ ንክኸውን ምቅላስ ናይ ኩላትና ኤርትራውያን ግቡእን ሓላፍነትን኿ እንተኾነ ፍጽም ምርጫውን ሕልናዊን ጉዳይ እዩ።

ሰለዚ ኩላትና ኤርትራውያን ኣብ ብፖለቲካ ይውክለኒ ዝበልናዩ ደሞክራስያውን ዕልመናዊ (ሰኩላር) ሰልፊ ተሰሪዕና ኣባልነትና ኣመዝጊብና ተቃሊስና ነዕውቶ። ኣብ ናይ ፖለቲካ ዓለም ከይተሰራዕካን ኣባልነትካ ከየመዝገብካን ምንም ፖለቲካዊ ዕማም ክዕመም ኣይክኣለን እዩ። ልከዕ ከምዚ መእሰሪ ዘይብሉ መኣጸ ክትኩስትረሉ (ከተጽርየሉ) ዘይትኽእል ምኻኑ እዩ።

ዓወት ንሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ)
ዓወት ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ
ሰላምን ቅሳነትን ንስውኣትና።

እዚ ዕላዊ (ኦፍሻል) ፖለቲካዊ ማኒፊስቶ ናይ ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ) እዩ።
ኣቦ መንበርን መሰራትን ሰልፊ ሰላምን ደሞክራሲን ኤርትራ (ሰ-ሰ-ደ-ኤ)

*መምህር ተስፋጋብር ኣስፋሃ ክፍለሚካኤል* 20-04-2007

e-mail= tesfagaber_keflinkiel@yahoo.ca